  

  

**ኤርትራውያን ነበርቲ ቦሎኛን ከባቢአን**
**ብልኡል ሱታፌ ንዝኸሪ 40 ዓመት ፈስቲቫል ብድምቀት ንምጽንባል**
**ድልውነቶም ንዝበረኸ መኸተ ኣረጋጊጾም**

ኤርትራውያን ነበርቲ ቦሎኛንን ከባቢአን **"ስሙር ስጉሚ ንዝበረኸ መኸተ"** ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ብሰንበት 11 ግንቦት 2014 ብርክት ዝበለ ህዝቢ ኣብ ዝተሳተፈሉ ንህዝባዊ መኸተ ብዝምልከት ኣብ ከተማ ቦሎኛ ሰፊሕ ህዝባዊ ሰሚናር ኣካይዶም።

**እዚ ሰሚናር'ዚ ካብ ሰሜን ኣሜሪካ ብዝመጹ**
**ፕሮፌሰር ጊደዎን ኣባይ ኣዩ ተካይዱ**

ፕሮፌሰር ጊደዎን ኣባይ ንጉዳይ ግዳማዊ ተጻብኦን፡ ዘይሕጋዊ ናይ ዓለቕ እገዳን ከምኡ'ውን ንዘይተጻዕደነትን ንሓያል ጀግንነታዊ መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ወሽጥን ወጽእን ከምኡውን ኣብ ልዕሊ ኤርትራን ህዝባን ብጸላእትን ተጻባእትን ምስሊ ኤርትራ ንምድዋን ንዝካየድ ዘሎ ዝተፈላለየ ዝሕብሩ ስነ ኣእምሮኣዊ ኩናትን ሸርሕን ዕላምኡን መደባቱን፡ ኣመልኪቱ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ብኣብነት ኣስንዩ ንተሳተፍቲ ሰፊሕ መግለጺ ድሕሪ ምቕራቡ፡ ኩሉ ብጎነጽን ሓይልን ሓሶትን ኣብ ልዕሊ ሃገርናን ህዝብናን ዝተፈተነ ወፈራታትን ተንኮላት ተጻብኦን ብሓያል ጽንዓትን መኸተን ናይ ህዝብና ክትግበር ከምዝይካኣለ ኣረጋጊጹ።

ስጡም ሓድነትና ኣሕይልና፡ መንነትና ኮለዕና፡ ንኩሉ ብጸላእትን ተጻባእትን ንዝካየዱ ዘለው እኩይ ተንኮላት ወፈራታት ለሚእወን ከም ትማሊ ወዳበና ኣሕይልና፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነትን ጀግንነታዊ ታሪኽን ቃልስን ህዝቢ ኤርትራን ንዝቕጽል ወለዶ ክመሓላልፍን፡ ነቲ ብሓያል መኸተናን ጽንዓትናን ኣማህሚዥ ትንፋስ ስኢኑ ዝሳሕግ ዘሎ ዘይሕጋዊ ናይ ዓለቕ እገዳ ንሓዋሩ ንከነፍሽልን፡ ዶብና ብሕጋዊ መገዲ ሕጋዊ ማዕልቦ ንዝተገበረሉ ኣብ ባይታ ሕጋዊ መደመደምታ ክግበረሉ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ዓለም ሓላፍነቱ ከልዕል ግዲቱኡ ምዃኑ ብምሕባር፡ ብጸላእትን ተጻባእትን ንዝካየዱ ዘለው ተንኮላትን ሸርሕታትን ምስ ሓይል መኸተ ናይ ህዝብና ተራጺሙ ከምዝፈሸል ርዱእ ምዃኑ ኣስሚሮሉ።

ኣብ መወዳእታ ሓድነት ንምድልዳል፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ንምሽላዕ ንዝካየዱ ናይ መሸተ መደባትና ክንድርዕ፡ ንኩሉም ብጸላእትን ተጻባእትን ዝእለሙ መደባትን ፈተነታትን ከነፍሽል ማሳረታዊ እምነተ ኩርናዕና ሓያል ወዳቤናን ስጡም ሓደነትናን ምኻኑ ብምሕባር፡ ኣብዚ ጎደና'ዚ ንሕና ንጸላእትን ተጻባእትን ከም እነረብርቦም፡ ኣረብሪብና ድማ ከም እንዕውተሎም ምሉእ ምትእምማን ኣሎና ክብል መግለጺ ደምዲሙ።

ኣብ'ዚ ኣጋጣሚ ቆንስል ሃገረ ኤርትራ ኣብ ሚላኖ ኣቶ ርእሶም ገብረጊዮርጊስን ሓላፊ ህዝባውን ኮሚኒቲ ጉዳያት ኣብ ኢጣልያ ኣቶ ግርማይ ሃብተሚካኤልን በብወገኖም ንዝካየዱ ዘለው ቆንስላዊ ዕማማት ኣብ ቀጻሊ ንቆንስላዊ ንጥፈታት ብዝምልከት ክካየዱ ተታሒዞም ዘለው እዋናዊ ዓበይቲ መደባትን ብምሕባር፡ እዚ ናይ ሎሚ ዝተካየደ ህዝባዊ መሸተ መቐጸልታን ኣካልን ናይቶም ብቐጻሊ እነካይዶም ዘሎና መደባት ምኻኖም፡ ኣብ ኩሉ ጉዕዞታትና ትኩረት ክንከወንን ነቲ ብከቢድ ማሳዋእቲ ዘረጋገጽናዮ ናጽነትና ልኡላውነትናን ኣብ ምዕቃብን ምሕላውን መሳርዕና ኣሕይልና ንኩሉም ዓይነት ተጻብኦታት ክንምክት ከምዘሎና ሰናይ ምንዮቶም ገሊጾም።

ዝኸሪ 40 ዓመት ፈስቲቫል ኤርትራ ኣብ ከተማ ቦሎኛ ብድምቀት ንምዝኻር ዝካየድ ዘሎ ሰፊሕ ምድላዋት ብጽቡቕ ይቕጽል ምህላው ብምሕባር፡ ኣባላት ማሕበረ ኮም ቦሎኛን ከባቢኣን ብልዑል ወኒን ሃገራዊ መንፈስን ይሰርሑ ከምዘለው ኣብሪሆም።

ኣባላት ማሕበረ ኮም ቦሎኛን ከባቢኣን መንፈስ መሸተ ፈስቲቫል ቦሎኛ ዓጢቖም ኣበርክትኦም ብልዑል ወዳበ ንደምቐት ፈስቲቫል ተሳትፍኦም ከዕዝዙ ዝያዳ ልዕሊ ኩሉ ትጽቢት ከምዝግበረሎም ድማ ኣዘኻኪሮም።

ተሳተፍቲ ብወገኖም ከም ውትሩ መሸትኦም ኣሐይሎም፡ ኣብ ጎኒ መንግስቶም ብምዃን ካብኦም ዝሕተት ሃገራዊ ግቡኣትን ጉዳያትን ድልውነቶም ንዝበረኸ መሸተ ብምርግጋጽን ንዝኸሪ ፈስቲቫል ቦሎኛ ብድምቐት ንምዝኻርን ካብኦም ዝሕተተ ዘበለ ንምፍጻም ድልውነቶ ብምርግጋጽ፡ እዚ ዝስዕብ ወሳኔታትን ለበዋታትን ብስሙር ደምጺ ኣመሓላሊፎም።

ኮሚቴ ሚድያን ዲፕሎማስን
ማሕበረ-ኮምኢጣልያ

## ብፕሮፈሶር ግዴዎን ኣባይ ኣብ ዝተኻየደ ሰሚናር ብሕዝቢ ዝሓለፈ ሓባራዊ ዉሳኔ

1- ብመሰረት ዉሳኔ ኮምሽን ዶብ ዘሕለፎ ዉሳኔ ስርዓት ወያኔ ክቕበሎን ካብቲ ጎቢጡ ሒዝዎ ዘሎ መሬት ኤርትራ ክወጽእን ሰራዊቱ ክስሕብን እናዘኻኸርና ዘይሕጋዊ ተግባራቱ ኣጥቢቕና ንኹንን።

2- ዉድብ ሕቡራት ሃገራትን ኩሎም ኣብ ዉዕል ኣልጀሪስ ከም ኣወሓስቲ ዝፈረሙ ሃገራትን ዉድባትን ሓላፍነቶም ብምዝንጋዕ ጠንቂ ናይ ዘይምርግጋእ ኮይኖም ስለዘለዉ ብስርዓት ወያኔ ኣህጉራዊ ሕጊ እናተጣሕሰ ዝኾነ ይኹን ስጉምቲ ብዘይ ምውሳዶም ንተግባራቶም እናኾነና ሓላፍነቶም ከኽብሩ ንጽውዕ።

3-ኣመሪካን ሰዓብቱን ሓድነትና ንምዝራግን መንነትና ንምጥፋኣን ኣብ ልዕሌና ዘካይድዎ ኣብ ሓሶትን ጸለመን ዝተሞርኮሰ ስነ-ኣእሙራዊ ኲናት፣ ብኤርትርዊ ንሒን ዘይጽዓድ መኸተና ከምእነፍሽሎ እናረጋገጽና ተጸብኦኦም ደው ከብሉን ንሰላምን ምርግጋእን ንሃናጺ ጽምዶን ክሰርሑ ንጽውዕ፣

4-ጭብጢ ዘይብሉ ኣብ ሓሶት ፈጠራን ተመርኲሶም ንምድኻምን ንምልማስን ኣብ ልዕልየና ዝእወጅዎ ዘይፍትሓዊ እገዳ ብግብሪ ሞይቱን ትንፋስ ዘይብሉን እኳ እንተኾነ ብወግዒ ከልዕልዎ ደጊምና ንጽውዕ።

5- ጸላእትና ናይ ምክልኻል ሓይልና ንምድኻምን ልምዓትና ንምኩላፍን ነቶም ኣፍረይቲ ክፋል ዝኾኑ መንእሰያት ሃገሮም ገዲፎም ንኽወጹን ኣደዳ ስቅያትን ሞትን ስደትን ግዳያት ሰብኣዊ ፍልሰትን ንክኾኑ ዘቃልዕዎም ዘሎዉ ሃገራትን ብስም ሰብኣዊ ዉድባት ዝነግዱ ዉልቀ ሰባትን ኣምሪርና ንኹንን ብፍላጥ ይኹን፣ ብዘይፍላጥ ብዉልቃዊ ስሱዕ ረብሓኦም ምስኦም ዝተሓባበሩ መዓልቲ ይሕጸር ይንዋሕ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ክቐርቡ ምዃኖም እናራጋገጽና ኣእዳዎም ክእክቡ ንጽውዕ።

6-ኣብ ክንዲ ክብረት ሕስረት ኣብ ክንዲ ሰሪሕካን ጽዒርካን ተዋሪድካን ለሚንካን ምንባር ዝመረጹ ሕልኖኦም ዝሸጡ ክብረቶም ዝጓሓፉ፣ ንሃገሮም ኣሕሊፎም ዝሃቡ ስዋኣቶም ብዕማኾ ገንዘብ ዝሸጡ ኣንጻር ሃገሮም ተሰሊፎም መሳርሒ ባዕዲ ወይ መሳርሒ ወያኔ ዝኾኑ ሕሱራት ናይ ፖለቲካ ነጋዶ ኣበርቲዕና ንኹንኖም።

7- ንግዳያት ላምፐዱዛ ሓመድ ሃገሮም ንኸይለብሱ መንግስቲ ጣልያን ንጻውዒት መንግስትና ዕሽሽ ኢሉ፣ ንሬሳታት ዜጋታትና ከም ጅሆ ሒዙ ዝገብሮ ዘሎ ምትላል እናኾነና ሬሳታት ደቅና የሕዋትናን ቀልጢፉ ክህበና ንጽውዕ።

8-መንግስቲ ኤርትራ ንኹሉ ማሕለኻታት ሰጊሩ ማሕበራዊ ፍትሒ ንምንጋስ ኣብ ዘካይዶ ዘሎ ወፍሪ ልምዓት እጃምና ንምብርካት ካባና ዝሕተት ዘበለ ኩሉ እናማላእና ኣብ ጎድኒ መንግስትና ከምዘሎና ነረጋግጽ።

9- ዶብ ኤርትራ ህዝባን ንኸይድፈር ለይትን መዓልትን ኣብ ምሕላውን ኣብ ምልማዕን ሃገሮም ዝርከቡ ጀጋኑ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ እናሞገስና፣ ወትሩ ኣብ ጎኖም ከም ዘለና ነረጋግጽ።

10-ሓድነትና ዘይንቕነቕ ሓይሊ እዩ፣ ሕቶ ሃገራዊ መንነት ሕቶ ህላዌና እዩ፣ ብሓሳብ ብግብሪ ንመንነትና ንምኹላዕን ልዑላውነትና ንምኽባርን ከም ወትሩ ድልዋት ኣሎና።

ዘላኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና

ዓወት ንሓፋሽ

ቦሎኛ 11/05/2014